
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.175 | ሰንበት 23 መጋቢት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ስሰዐን መበራትዒ መድሃኒትን



ገጽ 4 ኣቃውማ ኮሚተ ማይን ጽሬትን



ገጽ 5 ካብ ተዘክሮታት መጒዓዝያ



ገጽ 7 "ዘይትርእን ዘይትሰምዕን፡ ሓወልቲ ክኸውን ኣይደልን" ፍዮሪ ብርሃነ


## መንደፈራ - ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ 119 ተመሃሮ ኣመረቓ

ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ መንደፈራ፡ ብ20 መጋቢት፡ ኣብ መበል 15 ኮርስ 119 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ።

ተመረቕቲ ኣብቲ መበል 34 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኖም፡ ንሓደ ዓመትን 6 ወርሒን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝሰልጠኑ ምዃኖም ዝሓበረ፡ ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ በረኸት ፍስሃየ፡ ንሕብረተሰቦም ብሞያዊ ስነምግባር ከገልግሉ ኣተሓሳሰበ።



ስእሊ- ፊልሞን ትካቦ



ኣወሃሃዲ ኣብያተ-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣብ ዞባታት ኣቶ ሚካኤል ጃህራይ ብወገኑ፡ ዛጊት ዝበዝሑ ተሓጋገዝቲ ነርስ ዝሰልጠኑሉ ኮርስ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ግዜ ግብራዊ ትምህርቲ ኣበርክቶ ንዝገበሩ መወከሲ ሆስፒታላትን ትካላት ጥዕናን ምስጋና ኣቕረበ።

ወከል ተመረቕቲ ብወገና፡ ጥዕና ሕብረተሰቦም ንምውሓስን ንምሕላውን ቃል ብምእታው፡ ደረጃ ትምህርቶም ክብ ዝበለሉ ባይታ ክሕሰበሉ ኣዘኻኸረ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዚያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ፖሊሲ፡ ወጥንን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ዶ/ር ብርሃ ደብሩ ብወገኑ፡ ሞያ ነርስ - ተወፋይነት፡ ሱነምግባርን ጸኒዕ ማሕላን ዝሓትት ዓውዲ ሕክምናዊ ሱፍልጠት ስለዝኾኑ፡ ሰልጠንቲ ኹሊ ብዋበእ ከምዝተግብሩ ዘለዎ ጸኒዕ እምነት ገለጸ።

ኣብ 2003 ዝተመስረተት ቤት-ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ መንደፈራ፡ ዛጊት 1,137 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,700 ሞያውያን ኣመረቓ ኣላ።

## ማእከል - ገስጋስ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተገምገመ



ስእሊ. ዙበር ሰዒድ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ገስጋስ ቀዳማይ ፍርቂ-ዓመት 2024/2025 ዝዋምም ኣኼቡ ብ20 መጋቢት ኣካየደ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ኣብ ዝተመዝገበ ወጽኢት ተመሃሮ ምርኩስ ብምግባር፡ ሃጓፋት ምልላይን ብልጫታት ምዕቃብን ንወጽኢታውነት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገለጸ።

ኣብ ዝበዝሓ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ምዕሩይ ዕቤት ከምዘርኣየ ዝጠቐሰ መምህር በላይ፡ ኣብ መጀመርታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ካብ ዝተመዝገቡ ኣስታት 145 ሽሕ ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ ብማእከላይ ገምጋም ልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ሓለፍቲ ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ ንዝተዓመ ስራሕ ብመንጸር ዝነበረ ብልጫታትን ዝተራእየ ድኽመታትን ዘንጸባርቕ ጸብጻባት ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘቐደሞ ዘተ፡ ዝተራእየ ሕጽረታት ብምእራም፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘደንፍዕ ርኢይቶታት ኣቕሪቦም።



ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረሃንስ ወልደገርጊስ፡ ዝቐረበ ጸብጻብ ኣብ መጻኢ ክግበር ብዝኾነ ዘለዎ ዕማም ሓለፍቲ ዘኽእል ምዃኑ ጠቒሱ፡ እቲ ጉዳይ ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ጥራይ ዝገድፍ ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ከበርክት ተላቢዩ።

## ማእከል - ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብሞያ ዘሰልጠኖም መንእሰያት ኣመረቐ



ስእሊ-የውሃንስ መብራቱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብሞያ ዘሰልጠኖም ብምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ዝተለለዩ 13 ጽጉማት ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት፡ ብ21 መጋቢት ተመረቑ።

እቲ ምስ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጉዓዝያ ከተማታት ብምውህሃድ ንክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሒን ዝተዋህበ ስልጠና፡ መካኒክ፡ ኣውቶ-ኤለክትሪሽን ጋምፒስታን ዘጠቓለለ'ዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ቴድሮስ ፍስሃየ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበራዊ ጸገማት ምቕላል ኣካል ናይ'ቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርጋስ ዝተቐየደ ዘሎ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ መንግስታውያንን ብሕታውያንን ትካላት ንዘርኣይኦ ምትሕብባር መጕሰ።

ወከል ተመረቕቲ ድማ፡ ሞያዊ ስልጠና ንኽቐስሙ ንዝተፈጥረሎም ዕድል ብምምስጋን፡ ህይወቶምን ህይወት ስድራቤቶምን ንምቕያር ዘለዎም ሓያል ድሰኘሊኝን ናይ ስራሕ ወኒን ኣረጋገጹ።

ዜና

# ጎኔ- ወቕቲ ዘይሓለወ ዝናብ ጉድኣት ኣውሪዱ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኻውዳ - ንኡስ ዞባ ጎኔ ብ20 መጋቢት ዘወቕዐ በረድን ህቦብላን ዝተሓወሶ ወቕቱ ዘይሓለወ ዝናብ፡ ንዋታውን ከባቢያውን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ኣብ ዓድታት ጀሚል፡ ኣልማ፡ ተኻውዳን ሃምቦክን ዘወቕዐ 66 ሚሊ-ሜትር ዝዓቐኑ ብርቱዕ ዝናብ፡ 20 ጤለ-በጊዕ ብውሒጅ ክውሰዳ ከለዋ፣ ብርክት ዝበለ ኣባይቲ ከምዝዓነወን ዓበይቲ ኣግራብ ከምዝወደቓን፡ ካብ ምምሕዳር ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ቂም ንምዝራእ ዘይኮነ፡ ታሪኽ ክፍለጥ ስለዘለዎ'ዩ

ሙሓመድ ኑር ያሕያ

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ እቲ መግዛእታውያን ስርዓታት ኢትዮጵያ ብናይ ምዕራብን ምብራቕን ኣህጉራውያን ሓይልታት ተሓጊዞም፡ "ዓሳ ንምቕታል ባሕሪ ምንጻፍ" ብዝብል እከይ ዕላማ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ዝፈጸምዎ ብደረጃ ዝበን ኩናትን ምጽናትን ክገልጽ ዝኽእል ኣረሜናዊ ግፍዒታትን ህልቂትን ብሰፊሑ ተተሪኹ።

ኣቐዲሙ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዖናን በሰጉዲራን ዝፈጸሞ ኣረሜናዊ ህልቂት ተዘኪሩ ነይሩ። ብድሕሪኡ መበል 50 ዝኽሪ ናይቲ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብብዙሕ ትረኻታት ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ተሰኒዩ ተዘኪሩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙናት ከኣ መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ናይ'ቲ ኣብ ኣቑርደት ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ኤርትራ ዝፈጸሞ "ብጸላም ሰንበት" ዝፍለጥ ህልቂት ተዘኪሩ።

ግፍዒታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ኤርትራውያን፡ ምስ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ'ዩ ጀሚሩ። እቲ ዕላማ ብዘዕባ ሰውራ ኤርትራን ምንቅስቓስ ተጋደልቲን ካብ ህዝቢ ሓበሬታ ንምሕባእ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ ከኣ ምትሕግጋዝ ህዝቢ ምስ ሰውራ ደው ንምባል እዩ ነይሩ።

ኣብ ዓመተ 1966ን 1967ን ኣብ ዓዲታት ዓድ ኢብርሂም ጃምላዊ ህልቂት ተፈጺሙ። ኣብ ቆላታትን ከበሳታትን ኤርትራ ከኣ ምንዳድ ዓድታት ቀጺሉ። ዝያዳ ህልቂትን ምንዳድ ንብረትን ጥሪትን ዝፍጸመሉ ባይታ ንምፍጣር ከኣ ጸላኢ ጎድኒ ጎድኒ ግፍዒታት ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ዓሌትን እምነትን ቅርሕንትታት ክሰውርን ከለዓዕልን ፈቲኑ።

ዝኽሪ ግፍዒታትን ህልቂትን ምንዳድ ዓድታትን መላእ ዓመት ዝሸይድ እዩ። ምኽንያቱ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓሉ ግፍዒ ዘይፈጸመላ መዓልቲ ኣላ ክበሃል ኣይከኣልን። እዚ ግፍዒታት'ዚ ኣብ ታሪኽ ፍጹም ክርሳዕ ዘይብሉ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ እዚ ትረኻታት'ዚ ኣብ ምምካት'ዚ ገበናት'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣዮ ጅግንነታዊ ጽንዓት ዝምስክር ስለዝኾነ።

ህዝቢ ኤርትራ ዘጋጠሞ ብደሆታትን ኣረሜናዊ ግፍዒታትን ዕብዩቱን ዕምቆቱን ብዘየገድስ፡ ፍትሓዊ ቃልሱ ብምሕያል ንሓይልታት መግዛእቲን ኣህጉራውያን ደገፍቶምን ስዒሩ ናጽነቱ ኣረጋጊጹ እዩ። ስለዚ ምኽባር ዝኽሪ ግፍዒታት ጸላኢ ቀጻልነት ምእንቲ ክህልዎ፡ ብወኸይ ኣብ ዞባታት ኮሚተታት ዝኽሪ ክምስረታ ሓሳብ ኣቕሪቡ። እዘን ኮሚተታት ከኣ ኣብ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳራዊ ከባቢታትን ዓድታትን ዝዘርጋሕ ኣካላት ይህልወን። ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ዝፈጸምዎ ገበናት ብዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምእካብን ምስናድን ሓላፍነት ድማ ይስከማ። ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ከባቢታትን ዓድታትን ድማ ኣገዳስነት ናይዚ ዕማም'ዚ ተገንዚቦም ነተን ኮሚተታት ክተሓባበሩወን የድሊ።

ኩሉም እግሮም ኣብ መሬት ኤርትራ ዘንበሩ ጉጅለ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ ጣልያን፡ ብሪጣንያ፡ መጠኑ ዝፈላለ በብዓይነቱ ግፍዒታት ይፍጽሙ ከምዝነበሩ፡ ብኣፈ ታሪኽ ይዝንቶ እዩ። መግዛእቲ ኢጣልያን ኣብ ኤርትራ ዝኽተሎ ዝነበረ ዓሌትነትን ኣብ ከም ቤት ማእሰርቲ ናኹራ ዝፍጸሞ ዝነበረ ግፍዒታትን፡ ብሪጣንያ ኤርትራ ንምምቕቓል ዝወጠኖ ፕሮጀክት ንምትግባር ዝኣለሞ ውዲትን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ዕግርግር ንምዝራእ ትፍጽሞ ዝነበረት ሸፋቱ ብምዕጣቕ ሃገራውያን ናይ ምቕንጻል እከይ ተግባራትን፡ ኢትዮጵያ ብወገና ኣብ እዋን ፈደረሽን ንውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥሓስ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ግብረሽበራውያን ባንዳታት ብምዕጣቕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸመቶ ገበናት፡ ኣብዚ ግፍዒታት ናይ ምስናድ ዕማም ክዝከርን ክስነድን ዝግብኦ እዩ ኢብሉ።



እዚ ዕማም'ዚ ብኣድማዕነት ንምፍጻም ካብቶም ብህይወት ዘለዉ ኣብ'ቲ ፍጻመ ዝነበሩ ሰባት ሓበሬታ ክንእክብ ከድልየና እዩ። ኣብ ታሪኻዊ ቤተ-መዘክር ንምቕማጥ ከኣ ነቶም ኣብ መዳያት ምስናድን ስእሊን ቅብኣን ብቐዓት ዘለዎም ዜጋታት ብዝለዓለ ደረጃ ክንጥቀመሎም ይግባእ። ንጸሕቲ ብዘመናዊ ተክኖሎጂ ዝተዳለወ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ኤርትራን ኣብ ኩናት ዝተማረኹን ኣብ ውሽጢ ከተማታትን ዓድታትን ምስጢራዊ ንጥፈታት እናካየዱ ከለዉ ዝተታሕዙን ተጋደልቲን ዝተፈጸመ ግፍዒታት፡ ገበናት፡ ቅንጸላታት፡ ህልቂትን ምንዳድ ዓድታትን ኣብ ታሪኻዊ ቤተ-መዘክር ብድምጺን ስእሊን ክዕቀበን ንጸሕቲ ክፉት ክኸውንን ኣለዎ።

ምቛም ናይ ከምዚ ዓይነት ቤተ መዘክር፡ ኣብ ዝኽሪ ግፍዒታትን ህልቂትን ንምንባር ወይ'ውን ቂምን ቅርሕንቲን ንምዝራእ ኣይኮነን። የግዳስ እቲ ክርሳዕ ዘይግባእ ታሪኽ ክፍለጥን ንመጻእቲ ወለዶታት መለበሚ ምእንቲ ክኸውንን እዩ። ኣብዚ መሪር ናይ ታሪኽ መድረኻት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይነብሩ ተኻእቲ ወለዶታት፣ ኤርትራውያን ንኽትኣምኖ ዘጸግም ከቢድ እዋን ከም ዝሓለፉ ንኽፈልጥዎን ሃገራዊ ጽንዓቶም ንምሕያልን ዝዓለመ እዩ። ቀዳሞት ኤርትራውያን ምስ ኩሉ ዘጋጠሞም ሽግራትን ግፍዒታትን ጸኒዖም ሃገሮም ብምውሓስ ከመይ ገይሮም ከም ዝቐጸሉ፣ ዋጋ ሃገር ብብዙሕ መስዋእቲ ዝትመን ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃኑን ዜጋታት ብምሉእ ናጽነት ኣብ ሃገሮም ብኽብሪ ንኽነብሩ በዚ መትከል'ዚ ምቕጻል ኣድላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑን ዘዘኻኽር ድማ እዩ።

እዚ ሰራሕ'ዚ ኣዝዩ ግዚፍን ብኹሉ መዳይ ካብ ኩሎም ወገናት ዓቢ ጻዕሪ ዝሓትትን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብዙሕ ባጀትን ሃብታም ሓሳባትን ዝጠልብ'ውን እዩ። ከም'ኡ'ውን እዚ ዓቢ ሰራሕ'ዚ ንምንጽብራቕ ኩሉ ዓቕሚታት እንተላይ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ምጥቃም የድሊ። እዚ ብቐጻሊ ዝምዕብል ዘመናዊ ተክኖሎጂ ብዝግባእ ክንጥቀመሉ ይግባእ። እቲ እኩይዶ ሰራሓት፡ ነቲ ብልዑል ጽንዓቱን ጅግንነቱን ንኹሉ ሓይልታት መኪቱ ንዝቐደመን ዘደሓረን ውዲታት ኣብርዒኑ፡ ብዓወት ዝወጸ ዓቢይን ተቓላሳይን ህዝቢ ዝዓረግ ክኸውን ኣለዎ። ዓቢ ህዝቢ፡ ነቲ ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋ ብዝዓረግ'ዩ ታሪኹን ነቲ ዘየቋርጽ ቀጻሊ መስርሕ ቃልሱን ዝዕቅቦ። ኣብ ኩሉ መዳይ ሓፋሽ እንተ ወሲኑ ወትሩ ዓወት ናቱ'ዩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045


ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ስሰዐን መበራትዒ መድሃኒትን

(2ይን መወዳእታን ክፋል)
ሌ/ኰ/ለኔል ፍስሃየ ኣድሓኖም
መኮንን ጥዕና - ሚኒስትሪ ምክልኻል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ስፖርተኛታት ዝጥቀምሉ መበራትዒ መድሃኒት ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡ ብምግላጽ፡ እንታይነት፡ ዓይነትን ምሳሌን መበራትዒ መድሃኒትን ከምኡ'ውን ኣብ ኣካላትና ምስ ኣተወ ዝፍጽሞ ተግባርን ዝፈጥሮ ዘይንቡር ጸዓትን ብዝምልከት ኣንቢብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

***




ብዛዕባ መበራትዒ መድሃኒት ክንሓስብ ከለና ዝተጋገየ ኣረኣእያ ክህልወና ኣይግባእን። ከመይ'ሲ ስሩ-ፍልጠት ኣካላዊ ብቕዓት (ብኤሮቢክስ ይኹን ኣናሮቢካዊ ምንቅስቓስ ) ከም ዝረጋግጾ፡ በቲ ብመበራትዒ መድሃኒት ክበጽሕ ዝድለ ብቕዓት (performance) ብስራሕን ዝተጸነዐ ኣገባብ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ምብጻሑ ዝከኣል እዩ። ንኣብነት መበራተዒ መድሃኒት ከይወሰደ፡ ግን ከኣ ብተደጋጋሚ ቻምፕዮን ቱር ዲ ፍራንስ ዝኾነ ሙጉል ኣንድራይድ ዝተባህለ ስጳኛዊ ምስቲ መበራትዕዒ መድሃኒት እናወሰደ ዝወዳደር ዝነበረ ኣርምስትሮንግ ብምንጽጻር ክንርእዮ ንኽእል። ዝለዓለ ብቕዓት ሃልኪ ኦክስጅን (VO2max) ናይ ሙጉል ኣንድራይድ 88ሚ.ሊ/ ኪ.ግ/ ደቒቕ ዝነበረ ኮይኑ ብኣንጻሩ ናይ ኣርምስትሮንግ ከኣ 83 ጥራይ እዩ ነይሩ። ንምውድዳር ምእንቲ ክጥዕመና ናይ ሓደ ምንቅስቓስ ዘይብሉ ንቡር ህይወቱ ዝሕይድ ሰብ ዝለዓለ ብቕዓት ሃልኪ ኦክስጅን ካብ 40-50 እዩ። (ምንጪ. ዊኪፐዲያ 2023) እዚ ማለት'ዩ ዝምጋም ኮይኑ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዘሎ ተፈጥሮኣዊ ፍልልያት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።

ክፍለጥ ዘለዎ፡ መበራትዒ መድሃኒት ስለ ዝወሰድካ ዶብ ዘይብሉ ግዙፍን ሓይልን ትውንን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኩሉ ዶብ ኣለዎ። ንሓደ ብዙተፈላለየ ቀመማዊ ትሕዝቶታት መዓብን ዘኮብትሮ ብዕራይ እንተተፈሪካ ኣዝዩ ዝፍ ብዕራይ ጥራይ ኢኻ ክትገብሮ ትኽእል። ናብ ሓርማዝ ክትልውጦ ግን ኣይትኽእልን። ጠል ትኹን ጠሰውን ዝበርካ እንተገበርካ ክንዲ ዞግዙፍካ እንተ ኣግዚፍካዮ ጠል ምኳና ኣይተርፍን።

ወዲ ሰብ ከኣ ከም ኩሉም ስ ህይወታውያን ባህርያዊ ሱቅርጹ ቅዱድ እዩ። መበራትዒ መድሃኒታት ንሰብነት የብራትዑ እኳ እንተኾኑ መጠኑ ዝሓለፈ ሓይሊን ግዙፍን ፈጢሮም ንሰብ ናብ ካልእ ዓይነት ፍጥረት ክቕይሩዎ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ክንብል ከለና ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ተራ የብሎምን ማለት ኣይኮነን። የብራትዑ ምኳኑ ጥርጥር የብሉን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ምውሳድ መበራትዒ መድሃኒት ብተደጋጋሚ ክዘውተር ይርአ። ብዓለም ለኻዊ ኦሎምፒክ ኮሚቴ (IOC)፡ ማሕበር ሓካይም ኣመሪካን ወዘተ. ዝወርድ ኩሌ ብዝገደስ ክሳብ 30% ዝኾኑ ተመሃሮ ኮለጅን ፕሮፈሽናል ኣትሌታትን ከምኡ ድማ 10-20% ዝበጽሑ መንእሰያት ደቂተባዕትዮ ይጥቀምሉ ምኳኖም ይፍለጥ። ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ተሰዓታት ዚ. መድሃኒት'ዚ. ይጥቀሙሉ ምንባሮም ሓበሬታ ኣሎ። (ምንጪ. መጽሓፍ መራብ ስሩቅርጸን ተግባርን ወዲ ሰብ፡) ኣብዚ ግዜ'ዚ. እውን ካብቲ ዝበሮ እንተዘይገዳዱ ክመሓየሸ ዝኽእል ኣይመስለን።

ዝበዝሑ ተጠቀምቲ መበራትዒ መድሃኒት ኑቲ ኮርቲሶል ዝተባህለ ብጅኩብ ክጸዋዕ ኩሎ ስቴሮይድ ወይ ከኣ ኣናቦልክ ስቴሮይድ ዝበሃል ሆርሞን ወይ ነክዚ እዮም ዝጥቀሙ። እዮም ንህንጻት ኣካላት (body building) ዝሰልጡ ሰባት ግን ሓይሊ ጥራሕ ዘድሊዮ ግዜፈ ኣካላት (ጭዋዳታት) እውን ስለ ዘድልዮም ናይ ዕብየት ሆርሞን ሓዊሶም ይጥቀሙ እዮም። ብዘይካ'ዚ. ኣሪትሮፖየቲን (erythropoietin) ዝበሃል ሆርሞን'ውን ከም መበራትዒ መድሃኒት ይጥቀሙ ምኳኖም ይፍለጥ። ኣሪትሮፖየቲን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣካላታት ሰብነትና ዋሕዲ ኦክስጅን ኪጋጥሞም ከሎ ኑቲ ሕጽረት ንምምላእ ካብ ኮላሊት ዝጸሞቑ ሆርሞን ኮይኑ ናብ ኣንገዕ ብምኻድ ንኣንገዕና ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ከፍሪ የበራብር። ብዙሓት ተወሰኽቲ ቀያሕቲ ዋህዮታት ድማ ከምዝፈርዩ ይገብር። ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ኦክሲጅንን ካርቦን ዳዮክሳይድን ካብን ናብ ኣካላታት ምብጻሕ እዩ ስርሖም። ከምዚ ዓይነት ማስርሕ ኣብ ኩሉ ሰብ ብተፈጥሮ ዝካየድ ንቡር ማስርሕ ኮይኑ ብጕዓም መበራብሪ ሆርሞን ብምሃብ ሰብነት ካብቲ ንቡር ተፈጥሮኣዊ ማስርሕ ብዘይዳ ኦክስጅን (ጾዓት) ከምዝፈጥሩ ናይ ምግባር ብልሓት ኣሎ።

ንመበራትዒ መድሃኒት ብዝምልከት ብዶክተር ፌደሪክ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ክሳብ 80% ዝኾኑ ኣማተርን ፕሮፈሽናልን ኣትሌታት፡ ልዑል ጸዓት ኣብ ዝሓትት ስፖርታዊ ምንቅስቓስ መድሃኒት ይጥቀሙ እዮም። እዚ ብዓይኒ ዕዳጋ ክርአ ከሎ፡ ዓመታዊ ክሳብ 100 ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ ኣብ ዕድጊ መበራትዒ መድሃኒት ይውዕል ኣሎ ማለት እዩ።

መበራትዒ መድሃኒት ክልክል ክሱ ካበይ እዩ ዝርከብ? ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምእተገልጸ እዞም ከም መበራትዒ መድሃኒት ዘገልግሉ ሆርሞናት ብተፈጥሮ ኣብ ኣካላትና ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ጽኑታት ዝፈርዩ እዮም። እዞም መድሃኒታት ኣብ ንቡር ሕክምናዊ ኣገልግሎት እውን ይእዘዙ እዮም። እቲ ንመወሰኺ ሓይሊን ምዕባይ ጭዋዳታትን ተባሂሉ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝውሰድ ግን ካብቲ ብሓኪም ዝእዘዝ ንቡር ዓቐን (10-1000 ሚሊ ግራም) ዝተዓጸፈ ክኸውን ኣለዎ። እሞ ካበይ ይመጽኡ፡ ብመሰረቱ መበራትዒ መድሃኒት ካብ ኣካላት ወዲ ሰብ ጥራይ ዝፈሪ ሆርሞን ምኳኑ ኢና ገሊጽና። እዚ ኣብ ዕዳጋ ዝርከብ ንንግዳዊ መዓላ ዝውዕል ዘይተኣደነ ሆርሞናት ደኣ ካበይ ይመጽእ ኢልካ ምሕታት ግድን እዩ። ኣካላት ወዲ ሰብ ጥራይ ዘፍርዮም እንተኾይኑ ካብ ሰባት ጸሚቑካ ከተውጽኦም ኣሎካ ማለት እዩ። እዚ ብዝኾነ መዳዩ ይኹን በቲ ዝድለ ብዝሒ ወይ ጠለብ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ እቲ መድሃኒት ኣብ ፍወሳ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ስለዝውዕል ሊቃውንቲ ነዚ መፍትሒ ዝኸውን ኣዳልዮም እዮም። ብኣዝዩ ዝተራቐቐ ጀነቲካዊ ምህንድስና ብዝምሳል ናይቲ ካብ ሰብ ዝፈሪ ሆርሞን ኣብ ላቦራቶሪ ምምስራሕ ተኻኢሉ እዩ። እዚ ልክዕ ከምቲ ንሽኮርያ ዝወሃብ ኢንሱሊን ዝተባህለ ሆርሞን ማለት እዩ። ስቴሮይድስ ዝበሃሉ መድሃኒታት ብዘይካ ብትእዛዝ ሓኪም ንሱ'ውን ብኣዝዩ ወሰን ዓቐን ኣብ ደኳናት ከይደካ ከምድልየትካ ብናጻ ትገዝኦ ኣይኮነን። 'ዕድመ ንገዝእ' ከምዝበሃል ግዳ ኩሎም ተጠቀምቲ ናይዚ ዘይሕጋዊ ሆርሞን ብኮንትሮባንዳ እዮም ዝገዝእዎ። እቲ ዘርርም ብኹመይ ይግዛእ ጥራይ ኣይኮነን። ባህሪ ናይዚ መድሃኒት'ዚ ሓንሳብ ብመልክዕ መርፍእ ወይ ከኒና ምስ ተወሰደ ንሰዓታት ጥራይ ዘገልግል እንተነበረ ከኣ ካብ ሓደ ወይ ክልተ መዓልታት ዘይሓልፍ ብምኳኑ እዩ። ኣድማዒ ክኸውን ከኣ ኣዝዩ ልዑል ዓቐን ምውሳድ የድሊ። እንተ ዘይኮይኑ እቲ ሆርሞን ስርሑ ወዲኡ ከም ደረጃኡ ካብ 16 ሰዓታት ክሳብ ክልተ መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወጽኢት ስፖርታዊ ውድድር ብፍላይ ከኣ ልዑል ኣይሮቢካዊ ጸዓት ዝሓቱ ምንቅስቓሳት መርመራ ሽንቲ ወይ ደም (anti-doping) ዝግበር። ምናልባት ከም ገለ መርመራ ከይተገብረ እንተ ተሪፉ ወይ ከይተገብረ ክልተ መዓልቲ እንተገይሩ ግን እቲ ዝድለ ወጽዒት ምርካብ ኣጸጋሚ እዩ።


ከምኡ እንተድኣ ኮይኑ ኣርምስትሮንግ ኑቲ መርመራታት ብኸመይ ይሓልፍ ነይሩ። እሞ ኸኣ ሓንሳብ ጥራይ ዘይኮነስ ንሸውዓተ ዓመታት ዝኣክል። ካልእ ብልሓት ነይሩዎ'ዶ ይኸውን? ምኽንያቱ ብልሓት እንተዘይተገብሮ ሓንሳብ ወይ ክልተ ግዜ ከታልል ይኽእል ይኸውን። ብዙሕ ግዜ ግን ዝከኣል ኣይኮነን። ኣርምስትሮንግ 24 ግዜ መርመራ መበራትዒ መድሃኒት ገይረ ናጻ ድማ እጸንሕ ነይረ እዩ ዝብል። ኣብ መወዳእታ እውን ባዕሉ እዩ ተናዚዙ'ምበር ካብ መርመራስ ወጺኡ ምንባሩ እዩ ዝዘረበ።

**ጎድናዊ ሳዕቤናት መበራትዒ መድሃኒት፣**

ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ጠቒስናዮም ከምዝሎና መበራትዒ ተባሂሎም ዝወሰዱ መድሃኒታት ሰለስተ ዓይነት እዮም። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ኻቶም ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎም። ብጥቕልል ዝበለ ግን፡ መበራትዒ መድሃኒት ኣብ ዘዘውትሩ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ጎድናዊ ሳዕቤናት ክኸሰቱ ተኽእሎ ኣሎ፦

- ምብኻጊው ኣዒንቲ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ካንሰር ጸለም ከብዲ
- ካንሰር ጽኑታት ፕሮስቴት
- መኻንነት (sterility) ኣብ ደቂ ተባዕትዮ
- ምብራሕ ወይ ምምላጥ ጸጉሪ ርእሲ
- ፍኹሶት ዓጽሚ (osteoporosis)
- ምድኻም ሓይሊን ብቕዓትን ተፈጥሮኣዊ ምክልኻል ሕማማት (immune deficiency)። ማለት ንረኽስታት ብቐሊሉ ምቅላዕ ወዘተ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ተገሊጹ ዘሎ ዚ ዘይግቡእ ተግባር ዝምጽኦ ብቐንዱ ስዕ እዩ። "ክልበስ ኣብ ትሕቲኡ ዘላ ስጋ እምበር ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ሓኸሊ ኣይርእን" ዝብል ምስላ ሕብረተሰብና ምስዚ ክንገልጾ ዝጸናሕና ተግባር ዝኸይድ እመስለኒ።



## መአረምታ


ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ "ስሰዐን መበራትዒ መድሃኒትን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ "ቴስተስትሮን ንሱብ ተባዕታይ ባህሪ ከምዝህልዎ ዝዑብር ሆርሞን ኮይኑ፡ ብእኹል ዓቐን ምሳና ዝውለድ እዩ። ምስ ምውሳኽ ዕድመ ከኣ ዓቐኑ እናወሰኸ ይኸይድ።" ተባሂሉ ዘሎ "ቴስተስትሮን ምሳና ኣይውለድን። ምስ ዕብየት ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ብጽሕና እንምዕብሎ ሆርሞን እዩ" ተባሂሉ ክእረም ምስናይ ይቕሬታ ንሓትት።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊያሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ደሕሰት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:25 | ፈንቅል |
| 18:01 | ሸዐብት |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሰት ተም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ኣማሪ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቆላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበበት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:15 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሚታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተዘክሮታት መጉዓዝያ

### ራብዓይ ክፋል

ዝጸንከረ መድረኽ ኣብ መጉዓዝያ

ተጋዳላይ ኢያብ ማንጁስ ኑቲ ዘይሕለል ጽንዓትን ጻዕርን መራሕቲ መካይን ዘኾልሕ ካልእ ተመክሮ ከዘንቱ እንከሎ፡ "ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር፡ ኣብ ሱዳን ተዋፊረን ዝነበራ ዓበይቲ መካይን ውድብ ብህጹጽ ናብ ሜዳ ክኣትዋ ይደለ ነይሩ። ሽዑ ኮርባርካ ውሕጅ ኣውሪዱሉ ዝነበረ እዋን ብምንባሩ፡ 12 ካብተን መካይን፡ ብኻልኣት መካይን እናተደገፉ ወይ እናተሳሕባ፡ ኑቲ ሩባ ሰጊረንኦ። እቲ ብዚያዳ ዘደንቕ፡ እቶም መራሕቲ መካይን ነተን ዝተረፋ ሽውዓተ ዓበይቲ መካይን ገመድ ገይሮም ብኸሳዶም ወጢሮም ካብቲ ውሕጅ ከውጽኡወን ምኽኣሎም'ዩ። ነቲ ገመድ ኣብ ሰለስተ ቦታታት ዕንጸይቲ ኣሰርምሉ፡፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕንጸይቲ ደማ፡ በቲ ሓደ ሓሙሽተ በቲ እዚ ብሉቒ ዘደንቕ ስራሕ'ዩ ነይሩ። ንሕና ጥራይ ዘይኮንና፡ እቶም ብዙሕ ተቓውሞን ምጉትን ዝነበሩልና ዝነበሩ ካብ ጀርመን ይኹን ካብ ኣመሪካ ዝመጽኡ ጸዓዱ ክኢላታት ከይተረፉ፡ ነቲ ዝፈጸምናዮ ስራሕ ብኣድናቖት ይገልጽዎ ነይሮም። ብድሕሪኡ ስራሐን ብጸቡቕ ክሳልጣ ክኢለን።" ኢሉ።

መጉዓዝያ ሸግርን ሃላኽን ዘይጋደፎ'ኳ እንተኾኑ፡ ምስ ኣዋጣሪ መድረኻት ናይቲ ውድብ ተተሓሒዙ፡ ካብቲ ንቡር ምሕር ዝጸንከረ ኩነታት ዘጋጠመሉ እዋናት ኣሎ። ካብቶም ብዙሓት ተመኩሮታት መጉዓዝያ መብርሂ ዝሃቡ ተጋደልቲ፡ ኣብ መጉዓዝያ እቲ ዝጸንከረ መድረኽ ሻድሻይ ወራር እዩ ክብሉ እንከለው፡ እቶም ዝተረፉ ኢዮፋሉን እቲ ኣብ እዋን ምዝላቕ ክሳብ 1980 ዝነበረ እዋናት እዩ በሃልቲ እዮም።

ተጋዳላይ ኢያብ (ማንጁስ)፡ "ኣነ ዝተፈልየ ርእይቶ ኣለዎ። ንሱ፡ "ዝጸንከረ ኩነታት ኣብ መጉዓዝያ፡ ሻድሻይ ወራር እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ እተን ዝነበራና መካይን ንኹሉ ምንቅስቓሳትና ሽፊነን ንክኸዱ ለይቲ ጥራይ ዘይኮኑ፡ 24 ሰዓታት ምስራሕ ነይሩ። ብቐትሪ ይኹን ብለይቲ፡ ጸዕቕ ደብዳብ ነፈርቲ ነይሩ። ካልኣይ፡ ብናይ ኑዩዲ ዓቕምና ናይ መውዳእታ ደረጃ በጺሕና ነይርና። ኣብዚ ውድብ ከም'ኡ ዝበለ ሕጽረት ኑዩዲ ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን'ዩ። ዝኾነ ይኹን ኑቲ ኣብ ምንቅስቓስ ዘጓንፍ ናይ ብልሽት ደቂ ናይ ጸገና ሽግራት ንምፍታሕ፡ ብትብዓት ደድሕሪኣን እናሰዓብካ ደቂ ዋላ ኣብ ግንባራት ኣብጺሕካ እናሰደድካ ምብዳህ፡ እቲ ዝጸንከረ ኩነት ኣጋጢሩና ኣለ ካብ ዝዝከሮ እዩ።" ይብል።

ተጋዳሊት ራሕማ ኣሕመዲን ብወገና፡ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር ይኹን ብድሕሪኡ ዘጓንፍ ዝነበረ ሽግራት ብምዝካር፡ ኣብዚ ናይ ተጋዳላይ የማነ (ባዱ) ርእይቶ እዚ



እተን በብእዋኑ ካብ ወጻኢ ዝኣተዋ ማርቸድሳት ሰውራ

ኻልእ ሓሙሽተ እናኸዱ፡ ነተን መካይን ብጡልቡዮም ብብርቱዕ ጻዕሪ እናጎተቱ በቡሓደ ውሕጅ ኣሰጊሮመን። ዘርም'ዩ! እዚ መርኣያ ተወፋይነት ተጋዳላይ እዩ!" ይብል።

ተጋዳላይ ተኸስተ ኣርኣያ ዝኾነ ዘደንቕ ሓጥን መዛዙትን ኣብኣት ጋራጅ ዘጋጸበርቕ ካልእ ኣብኡ ክጠቕስ እንከሎ፡ "ኣብ 1985 ዝኣተዋ ሓደስቲ ማርቸድሳት፡ ካሮስሪያኦን (ጸዋሪ ኣካለን) ድልዱል ስለ ዘይነበረ፡ መዓልታዊ እናተሰብራ ብዙሕ ዕንቅፋት ይፈጥራ ነይረን። ካሮስሪያኦን ናይ ሽቓጥ እንተ ዘይኮኑ፡ ነቲ ናትና መንገዲ ክጸወር ብቕዓት ከም ዘይብሉ ምስቶም ዝለገሱልና ሰባት ይኹን ክኢላታት ናይታ ኩባንያ ብዙሕ ምስ ተበሃሃልና፡ ዕሚም እናበሉ ቀሩብ ጸገናታት ገይሮምለን።

"እተን ዝጸገሱወን መካይን ንባዕለን ምስ ተሰብራ ግዱ እቲ ጉድለት ናቶም ምኻኑ ተኣሚኖም ብናቶም ክሳራ ባዕልና ከዐርየን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ብድሕሪኡ፡ ብዙሓት ክኢላታት ኣብ ጋራጅ መረፊት ተኣኪብና፡ ምስቲ ሃሩር ኣስታት 14 ሰዓታት ንመዓልቲ እናሰራሕና፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ኣብሉ ን342 ዝኾና ማርቸድሳት እቲ ዝደለ ጸገናታት ከነንብረለን ክኢልና። እቲ ዝጸንከረ ኩነታት ኣለ ዝዝምምዎ፡ ኣብ 79-80 ኣብ ከባቢ ራብዓይ ወራር ዝነበረ ኩነታት እዩ። ምስ ምዕጻው መንገድታት ብጸላኢ፡ ካብ ሱዳን ንሜዳ መሕለፊ ዝዘሓል ኣይነበረን። ሽዑ ካብ ቅሮራ ተበጊስካ፡ ብዮኣኬብ ብጥሩቕሩቕ (ትሩሩቅ) ኣብልካ፡ ናብ ገርገር ንምምጻእ መደብ ነይሩ። እቲ መንገዲ፡ ብሕልፊ ኣብ ከባቢ ጥሩቕሩቕ፡ ጥጡሕን እሙንን ኣይነበረን። ናብ ጸላኢ ኣዝዩ ቀረባ ብምንባሩ ድማ፡ መብራህቲ ወሊዕካ ምኻድ ዘይከኣል ነይሩ። እዚ ሸግር'ዚ ናይ ግድን ክፍታሕ ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ መወዳእታ ሓደ ብልሓት ተፈጢሩ። እቲ ምብልሓት እንታይ እዩ? ሓደ ሰብ ጻዕዳ ዕማ ወይ ጻዕዳ ጨርቂ ኣብ ርእሱ ገይሩ ወይ ጻዕዳ ጀለብያ ተኸዲኑ ቀቅድሚ'ተን መካይን ከም ዝኸይድ'ሞ፡ እታ ቀዳመይቲ መኪና ንዕኡ እናሰዓበት፡ እተን ካልኦት ከኣ ደድሕሪኣ እናተመራረሓ ከም ዝሓልፋ ምግባር ነይሩ። ብኸምዚ ንኽልተ-ሰለስተ ሰዓታት ብጸልማት ቀቅድሚ መኪና እናኸድካ፡ እቲ ሽግር ይፍታሕ ነይሩ። እዚ ኣገባብ፡ ንሓያሎ ኣዋርሕ ተሰሪሑሉ እዩ።" ብምባል ዝኽሩ ኣካፊሉ።

ተጋዳላይ የማነ (ባዱ) ግዱ ካብዚ ዝሰዕብ ተወሳኺ ተቐርብ፡ "ጸላኢ ኣብ ድሕሪ ማስመር ሰፊሕ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝገበረሉ እዋን፡ ኣባላት መጉዓዝያ፡ ምስ ካልኦት ተጋደልቲ ብምትሕብባር፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ፡ ገለኡ ዓባይ መኪና ከይተረፈ ከእቱ ዘኽእል ጉዳጉዲ ኣብ ስቱር ቦታታት ይኹዕት። ሞተረታት፡ መሳርሒ ጋራጅ፡ ኮታ ኩሉ ንብረቶም ኣብኡ ኣእትዮም ድማ፡ ብረቶም ሐዚም ከም ሰብ ንምንቅስቓሳት ጸላኢ ይከታተሉን ይምክቱን። ጸላኢ ምስ ከደ፡ እንደገና ንብረቶም ካብ ጉዳጉዲ ኣውጺኦም፡ ስራሖም ይቕጽሉ ነይሮም። በቲ ጸላኢ እናተዋግኣካ በቲ ከኣ ናይ ክፍልኻ ስራሕ ምብርካት፡ ኣነ ከም ሓደ ምሕር ጽንኩር ኩነት ምስጋር ገይረ እየ ዝወስዶ።" ትብል።

እዚ ኑቲ ምዱብ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ወዱ-ገባ ከም'ኡ'ውን ኣብኣት ሓሙሻይ ማስርዕ ብቐጻሊ ዘካይዱዎ ንኣሽቱ ምንቅስቓሳት፡ ኣብ ጸርግያታት ኑቶ'ጐቲ ናይ ምጽዋድ ውዲትን ዝተፈላለየ ካልእ ሽርሒታትን ከይጸብጸብካ እዩ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ህይወቶም እናኸፈሉን ኣካሎም እናጉደሉን ንዕላማኦም ዝተወፈዩ ሓያሎ ኣባላት መጉዓዝያ ከም ዘለዉ ዝሰሓት ኣይኮነን።

## ክምዛ ሎሚ ኣብ ዝኽሪ ታሪኽና!



ከተማ ናቕፋ ቅድሚ ምሕራራ 1977

23 መጋቢት 1977 ቅድሚ 48 ዓመታት ማለት'ዩ ከተማ ናቕፋ ሓራ ዝወጸትሉ ክብርቲ ዕለት ምኻና ትፈልጡዶ? እወ! ናቕፋ ሓንሳብ ምስ ተሓረረት፡ ዳግማይ እግሪ መግዛእቲ ኢትዮጵያውያን ክረግጻ ኣየፍቀደትን። ፍልማዊት ኣደ፡ ዕርዲ ጽንዓት፡ ወዘተ ዝብሉ መጸውዒታት ዝተሰየመት፡ ወለዶታት ኤርትራ ንዘልኣለም ኣፍልቦም ነፈሖም ብሓበን ዝዝክሩዋ፡ ማእከል ስሕበት ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራውያን'ያ - ናቕፋ!

ኣብ ሰሜናዊ ኤርትራ ኣብ 1730 ሜትሮ ብራኽ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ተደኲና እትርከብ ከቦሳዊ ክሊማ ዘለዋ ናቕፋ፡ ክሳብ'ቲ ኣብ 1996 ዝተቐየረ ዞባዊ ስርዓት-ምሕደራ፡ ርእሲ ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ነበረት።

ብ19 መስከረም 1976፡ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ንናቕፋ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቀለቤታዊ ክቢ ኣእትዮማ። ከበባ ናቕፋ፡ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንፈለማ ቀዋሚ ናይ ምርብራብ ቅዲ-ኩናት ዝተኻየደሉ ፍጻመ ነይሩ። ሽዑ ናቕፋ ን6 ኣዋርሕ ተኸቢባትሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፡ ኑቶም ተኸቢቦም ዝነበሩ ሰራዊት ደርግ ስንቂ ይኹን ዕጥቂ፡ ብሰማይ በተን ተጋዳላይ ክራር ኣሉ ዝጸውዐን ዝነበረ ነፈርቲ ይጓረተሉ ነይሩ። የግዳስ እቲ ብሰማይ ዝመጽእ ዝነበረ ጃንጥላታት ምስ ትሕዝቶኡ እናሓንሰኣ ናብ መዓስከር ጸላኢ፡ ካልእ ግዜ ብንፋስ ተደፊኡ ናብ ተጋደልቲ፡ ገለ ግዜ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ይዓልብ ስለ ዝነበረ፡ ዳርጋ ናይ ሓብር ስንቂ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

## ካብ ዓወታት ናቕፋ ንምዝኽኻር፦

539 ጠበንጃ (ካብኡ 453 M-14)፡ 70 በበዓይነቱ ብሬናት፡ 4 ብራውን፡ 15 ማሺንጋናት፡ 2 ናይ 75 ሚ.ሚ. መዳፍዕ፡ 5 ናይ 81 ሚ.ሚ. ሞርታራት፡ 25 ናይ 2 ኢንች ሞርታራት፡ 40 ናይ 40 ሚ.ሚ. ተወንጫፊ (ላንውንቸር)፡ 78 ሽጉጥ፡ 1 መፈተሺ ነታጉ፡ 22 መካይን (18 ካብኣን ማግ)፡ ብበዝሒ ቦምባታት ኢድ፡ ምሉእ ንብረት ጋራጅ፡ 11 ጀነረይተራት (ሓንቲ ካብኣተን ምሉእ ከተማ እተብርህ)፡ ሓንቲ ናይ 300 ሓይሊ ፈረስ ኮምፕረሰር፡ 22 ስልኪ ኣልቦ ወተሃደራዊ ሬድዮታት ርክብ (PRC)፡ 117 ሬድዮታት ወረን ቴፓትን፡ 167 ሰዓታት ኢድ፡ 6 ዓበይቲ ስልኪ ኣልቦ ወተሃደራዊ ሬድዮታት ርክብ፡ 125 ወተሃደራዊ መጸራት፡ 1,340 ወተሃደራዊ ክዳውንቲ፡ ብበዝሒ መሳርሒታት ሕክምና፡ 14 ናይ ጽሕፈት መካይንን ልዕሊ 500 ኩንታል እኽልን ተሰለበ።

**ምንጪ፡ መጽሔት ከበባ ናቕፋ**

**20 ሰነ 2011**

## ካብ ካርቱናት ገድሊ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ኣፍዓበት

በርኻ ዑስማን ዑመር ምባል ተረፉ፥

ኸድጃ ዑስማን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ኣብ 28/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብድንገታዊ ዕረፍቲ ኽፉቕሮ ወድና ኢንጅ/ ቶማስ ጸጋዮ ማስፍን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ወለዱ ኣቶ ጸጋዮ ማስፍንን ወ/ሮ የርዳኖስ ኣስመሮምን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብጻል ቤተይ ኣቶ ተስፋይ (ጀሪ) ጥኻይ ሰዩም ጊለ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩም፣ ክሳዕ ምድርዚን ዘቃበርኩምና ቤተሰበን ፈተውትን ኣዕሩኽቱ፣ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብጻልቲ ቤቱ ወ/ሮ ክብርቲ ቀሺ. የሴፍ
ምስ ደቁ ኣሕዋቱን ስድራቤትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እፉቕራ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኣስካሉ ተኽለ ጉብረማርያም ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምን ምስ ዓረፈት ድማ ክሳብ ሓድሽ ዓዲ ሓደግቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ስድራ ቤት ነ/ር ዓንደማርያም በራኺ.
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

## ምስጋና



ብድንገታዊ ዕረፍቲ ክቡር ብጻል ቤተይ ያቆብ ወልደጊዮርጊስ ጉብረኪዳን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ዩጋንዳ ክሳብ ኤርትራ ሬሳ ዘፋነኹምልናን፡ ከምኡ'ውን ብኣካል እናተመላለስኩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝገጸና ንሕብር።

ብጻልቲ ቤቱ ዛይዳ ዘርኣሃይማኖት
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብጻል ቤተይ ኣቶ ተወልደመድህን መሓሪ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና፡ ክሳብ ዓዲ ዳንባ ሰሓርቲ ከይደኩም ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብጻልቲ ቤቱ ኤልሳ ሃብተስላሴ ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: HME Dewatering Mechanic**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for managing the pit dewatering pumps and engines by executing planned services, breakdown and major rebuilding of dewatering pumps.
- Manage and control spare parts availability.

**Essential functions**

- Safely maintain pit dewatering pumps to ensure targeted reliability and availability to support mining activities in all mining operations. (Planned and unplanned work)
- To rebuild dewatering pumps when needed to ensure availability of worn or failed pumps.

**Task description expanded to core performance areas**

- Planning
- Implementation of the plan
- Reporting

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Formal Trade Certificate<br>○ Must have a valid driver licence. | ○ 3 - 5 years pit dewatering pump and engine experience<br>○ Knowledge of SYKES and or Godwin dewatering pumps<br>○ Knowledge of submersible pumps. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy MS Office – Intermediate)<br>○ Attention to detail, Analytical skill<br>○ Mechanical & Electrical dewatering experience<br>○ Problem solving skill<br>○ Reading and understanding technical diagrams. | ○ Communications (English), Assertiveness<br>○ Interpersonal relations (Team player)<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ Discretion, High level of accuracy, Self-motivation<br>○ Self-driven |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ቃለ- መሕትት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ዘይትርእን ዘይትሰምዕን፡ ሓወልቲ ክኾውን ኣይደልን'የ” ፍዮሪ ብርሃነ

ስእሊ - ሄኖን ተኽለገርግሽ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**** ሕራይ ፍዮሪ ኣብ ዘይንመትከዮ ግዜ ዝሕግዘኪ ሰብ ምስ ረኸብኪ እንታይ ተሰሚዑኪ፧ ከምኡ'ውን እቲ ፍጻመ ኣብ ዝቕጽለ ጉዕዞኺ እንታይ ጸልዋ ነይሩዎ?***

ይዝከረኒ፡ ኣደይ ብዛዕባ እቲ ዝሕግዘኒ ወጻእተኛ ምስ ሰምዐት ቀልጢፉ ደብ'ክ በለት። ሽዑ፡ “ሕጂ ከይደንጎኺ ግዛ ተኻረይለይ” ኢለ ምስ ደጋዕምኩላ ካብ ጸዕዱክርስትያን ናብ ኣስመራ ግዒዝና። ሽዑ ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ብቓላት ክገልጾ ኣገዚዩ ዘኸብደኒ። እቲ ጉራሰናይ ብመሰረት ቁጸራኡ ድሕሪ መንፈቕ ወጽኢት መርመራ ሒዙ መጸኣ። እንተኾነ፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ከይደ ናይ ምሕካም ዕድል ኣይሰለጠንን። ዋላ'ውን ካብ ሃገር ወጺአ ክሕከም እንተ ዘይክኣልኩ፡ እቲ ወጻእተኛ ዝሁበረለይ ሓገዝ ከም ዘዩቋርጽ ሓበረኒ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣደይ ንኣቦይ ጉዳዩ ኮታስ ኩሉ ናብራኣ ጉዲፉ ምሳይ ነይሩ። ንዖዲ ንኽትምለስ ምስ ተበበሰት ምስኣ ንኽኸይድ ለመንትኒ። የጉዳስ፡ ናብ ዓዲ ናይ ምምላስ መደብ ስለ ዘይነበረኒ፡ ከምቲ ልሙድ ምስ ቤተሰበይ ኣብ ጸዕዱክርስትያን ኣጸጊዕትኒ ከይደት። ዕለታዊ ህይወተይ ካብቲ ዝቐደመ ዝተፈልየ ኣይነበረን። እቶም ብቐረባ ከኣታትይ ዝፈልጡ ብጾተይ ደሃይይ ክሓትቱ ምስ መጽኡ ኩሉ ድሌታተይ ነርኩዎም። ንሳቶም ንሽግረይ ከም ሽግሮም ብምርኣይ፡ ድሕሪ ብዙሕ ሓሳብ ኣብ ደባርዋ ብሓባር ዝነብረ ዓይነስወራን ብጾተይ ስለ ዝነበሩ፡ ምስኣን ንኽነብር ዓብ ኣርሓወለይ። እተን ቤተሰበይ፡ ንብይነይ ክነብር እንተ ጀሚረ፡ ዘኸኦ ጸገም ከየጋንፈኒ ስግኣት ስለ ዝነበረን ኑቲ ሓሳብ ቀልጢፈን ኣይተቐበሎኦን።

እቲ ፍጻመ፡ ንብሕተይ እናቘጸምኩ ኣብ ግዳም ካብ ምውዓልን ብደገ ተሸጉረ ካብ ምንባርን ዘኾጎለሉ ከምኡ ድማ፡ ንዘኡርእሰይ ባዕለይ ዝመርሓሉን ካብ ተጸባይነት ዝናገፈሉን ወሳኒ መድረኽ ኣብ ህይወተይ ነይሩ። እቲ ጉራሰናይ ወርሓዊ ብዘዕልዓለይ 500 ናቕፋ ድማ፡ ብ150 ናቕፋ ገዛ ተኻርየ ኣብ ደባርዋ ክነብር ጀመርኩ።

**** ምስ'ቲ ዘለኺ ደርብ ስንክልና፡ ካብ ስድራኺ ተፈሊኺ ምንባር ከመይ ረኺብክዮ?***

እቲ ዝሕግዘኒ ዝነበረ ወጻእተኛ ኣብ 2007 ብሞት ተፈልየ። ኣብዚ ምድሪ እቲ እንኮ ገዛኦዊ ደገፍ ዝሁበረለይ ሰብ ሃንደበት ብምስኣነይ ምሕር ሓዘንኩ። ንኹሉ እቲ ዘጋጠመኒ ንተስፋጋብር ተስፋማርያም ዝበሃል ዓይነስወር መምህር ምስ ኣካፈልክዎ፡ ንሱ'ውን ከምቲ ዝቐደመ ሓገዝ ካብ ህዝቢ ክረኽብ ከም ዘለኒ ብምትብባዕ፡ ዳግም ናብ ሚኒስትሪ ዜና ሓዚኒ ብምኻድ ቃለመሕተት ኣካየድኩ። ሽዑ፡ ኣብ ጽባሕ'ቲ መደብ ዝተፈነወሉ፡ ብዙሓት ካብ ውሽጥን ወጻኢን ሃገር ብምድዋልን ናባይ ብምምጻእን ሞራላውን ገንዘባውን ደገፍ ገበሩለይ። ብዙሓት ካብ'ቶም ዝመጽኡኒ፡ “ለሚ ንሕና ንሕግዘኪ ኣሎና። ምስ ወለድኺ ድማ ደቅኺ ኩሉ እትሓትዮም ክንገብረልኪ'ዮም።” ዝበል ዘረባታት ብምድግጋም ንኽወልድ የትባብዑኒ ነይሮም። ቀድሚኡ ብኸመይ ንዘኡርእሰይ ይመርሕ ደኣ'ምበር፡ ብዛዕባ ውላድ ሓሰብ ኣይፈልጥን። እቲ ጉዳይ ብተደጋጋሚ ክለዓል ምስ ጀመረ፡ ኣነ'ውን ብውሽጠይ ክሰላስሎ ጀሚረ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ መምህርተይ ዝነበረት፡ ብኣጋጣሚ ኣብ ደባርዋ ጎረቤተይ ኩይና ምስ ሓዋ ብሓባር ይነብሩ ነይሮም። ከም ጎረባብቲ መጠን ንሳን ሓዋን ይመጽኡኒ። ኣነ ከኣ ይኸዶም ነይረ። ምስ ንውሓት ግዜ ምስ ሓው እታ መምህርተይ ድሒሩ ከኣ ኣቦ ደቀይ ዝኾነ ክፍሎም ዓንደብርሃን ብጸቡቕ ክንቀራረብ ጀሚርና። ንሱ ብቐረባ ኩሉ ከኣታተይ ይፈልጦ ስለ ዝነበረ፡ ቡቲ ዝመጽኣኒ ሓሳብ ተሰማሚዖሞ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ንኽሪ ጓለይ ናባይት ተገላገልኩ።

**** ንስንክልናኺ ምእላይ ቈልዓ ምስ ተደረቦ እንታይ ብደሆ ገጢሙኪ?***

እቶም ወግሒጹብሐ ውሉዲ እናበሉ ዘተባብዑኒ ዝነበሩ ገርቲሰናይ ክሳብ ለይቲ ለሚ ኣይተፈለዩኝን ዘለዉ። ብሳልኦም ቦኽሪ ወላደይ ክሳብ ክልተ ዓመት እትመልእ ብሰራሕተኛ ትእለ ነይራ። ብድሕሪ'ዚ፡ ጓለይ ክልተ ዓመት ምስ ገበረት ምሉእ-ብምሉእ ባዕለይ ክኣልያ ጀሚረ። ብርግጽ ምዕባይ ቈልዓ ፋልማዊይ ብምንባሩ፡ ኣብ ምዕባያ ብዙሕ ተሸገረ እየ። ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደለ፡ ምስ'ቶም ገርቲ ሰናይ ዘራኸበኒ መምህር ተስፋጋብር ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ ካብ ጎድነይ ከይተፈልየ፡ ንናባይት ጓለይ ደኺመ ከይበለ ወትሩ ይምህራ ነይሩ። ብኸመይ ትመርሓኒ፡ ትዛረበኒን ትርድኣንን ሓደ-ብሓደ ዓለምዋ። በዚ ከኣ ገና ብህጻና፡ ቴሌፎን ምስ እትድወለኒ ብቐልጡፍ ተረኽበኒ። ኣብ ከባበይ ሰብ እንተሎ ምስቲ ሰብ ከም ዝዘራረብ ትገብር። እንተ ዘይከዪኑ ጸጊሐም ንኽድውሉ ይሕብሮም። ናባይት ዕድመ እናወሰኸት ምስ ከደት፡ እቲ ጾር እናፈኸሰ'ዩ መጺኡ። ቀንዲ ከልዕሎ ዝደለ፡ ብዘይካ እንጀራ ምስንካት ካልእ ኩሉ ስራሕ ገዛ ባዕለይ'የ ዝፍጽሞ ነይረ። የጉዳስ ቀጺሊ ሰንከታላይ ምግቢ ከቢድ'ዩ። ስለዚ፡ ሞጎጎ ኤሌትሪክ ብምግዛእ ምልዋስን ምልፋዋን ብሓገዝ መሓዛይ ተለማመድኩ። እናሻዕ ንሱብ ካብ ምልማን “ባዕለይ ክሰንክት ኣሎኒ” ካብ ዝብል ኒሕ፡ እንሓንሳብ ኣብ ማእከሉ ጋህ ዝበለን ንብር ቅርጺ ዘይብሉን እንጀራ ብምስንካት፡ ይኸፋእ ይጽበቕ ብዘየገድስ ብመጠኑ ንጓለይን ንበዓለይን ክዕንግል ጀሚረ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጓለይ ሸዱሽተ ዓመት ምስ መልአት ምስንካት እንጀራ ክለማምዳ ጀመርኩ። ንኣብነት፡ ኣቕዲመ ሞጎጎ ይውልዓ'ሞ ረሲና ምስ በልኩ፡ ኑታ ሞጎጎ ኣጥፊኣ ንጓለይ ኣብ ከርሲ ብምድያብ ከም እትኻስስ እገብር። ሽዑ-ንሽዑ ንዓኣ ኣውሪደ ኑቲ ሞጎጎ ዳግም ብምውላዕ ምስ በስለ ባዕለይ የውጽኦ። ዕለታዊ ናብራና ብሓገዝ ጓለይ ምስ ግዜ እናቐለለ መጽኣ። ድሕሪ ዓመት ጓለይ ምለእ-ብምለእ ጸቡቕ እንጀራ ክትሰንክት ክኢላ። ብድሕሪኡ ንኤሸንን ራሕሰን ኣብ ደባርዋ ወሊደክዎም፡ ዝ. ሕጂ ኣብ ሕቑፈይ ዘሎ ትሽዓተ ወርሒ መሊኡ ዘሎ ህያብ ወደይ ከኣ ኣብ ባርዳእ ተገላገልኩ። ገዛ ክራይን ካልእ ወጻኢታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ባርዳእ ክቕመጥ ካብ ዝጀመር ደሮ ሸዱሽተ ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ።

ኣብዚ እዋን ናባይት ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ ኩይና፡ ዓሰርተ-ሽዱሽተ ዓመት ገይራ ኣላ። ገና ኣፍ ከየጽረየት ሓላፍነት ተሰኪማ፡ ኣብ ንጥፈታት ገዛ ክትሕግዘኒ ጀሚራ። ምንኣሳ ኣሕዋታ ውልድ ምስ በሉ'ውን፡ ዝርኣይዎ ለውጢን ዕቤትን ሓደ-ብሓደ ትነግረኒ። ቀጺላ'ውን ኣብ ምእላይ ኣሕዋታ ከም ኣደ ምኻን ትዋሳእ። ምስ ጎበዙ'ውን ናታ ኣሰር ብምኽታል፡ ሓላፍነት ተሰኪሞም ኣብ ስራሕ ገዛ ከም ዝሳተፉ ትገብር። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ንኣሾቱ ኣሕዋታ ከም ቈልዑ ዘይኮነት ከም ዓበይቲ'የም ዝሓስብ። ንኣብነት፡ ካብ ትምህርቶም ምስ ተፈደሱ ኣነ እኣልም እንተ ለኹ፡ ኑቶም ስራሕ ገዛ ፍሉጥ'ዩ። ብዘይትህኪት ድማ ይፍጽምዎ። ስለዚ፡ ሰንክልናይ ከቢድ'ኳ እንተኾነ ብሓገዝ ደቀይ ንኹሉ እገጥሞ ኣለኹ።

**** ኣብ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት ብኸመይ ክትሳተፊ ጀሚርኪ?***

ኢደ-ጥበባዊ ስርሓት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዓይነስወራን ኣብርሃ ባህታ ተመሃሪት ሳልሳይ ክፍሊ እንከለኹ ጀሚረዮ። ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ብዘይካ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ስነ-ጥበባዊን ኢደ-ጥበባውን ትምህርቲ ይወሃብ ነይሩ። ብወገነይ ኣብ ክልቲኡ ዓውድታት እነጥፍ ነይረ። ኣብ ስነ-ጥበብ መሳርሒ መዚቃ ጊታር ክጻወት እንከለኹ፡ ኣብ መዝሙር ከኣ እነጥፍ ነይረ። ኣብቲ ኢደ-ጥበባዊ ከኣ ካልእ፡ ብኽልተ ስልኪ ዝስራሕ ቀበፅን ብሓንቲ ስልኪ ዝስራሕ ኡቾትተን ኣብኡ ተመሂረዮ። ኣብ ባይታ ክሰርሓሉ ዝጀመርኩ ግን እቲ ዝሕግዘኒ ዝነበረ ወጻእተኛ ምስ ሞተ፡ እንዳ ደናግል ፈትለ ክሕግዛኒ ጀሚረን። በዚ ከኣ ቀበፅን ካልእን እናሰራሕኩ እሸይጥ ነይረ። ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ኣብሉ ይኸውን ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣስታት 10 ሽሕ ናቕፋ ዝዋጋ ሓገዝ ፈትሊ ገይሩለይ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብዚ እዋን ካልእን ቀበፅን እናኣለምኩ ናብ ዕዳጋ ኣቕርብ ኣለኹ። ንኣብነት፡ ብኽልተ ሕብርታት ዝኣለም ካልሲ ይኽ'ን ቀበፅ ክሰርሕ እንተ ኾይኑ ኑቲ ፈትሊ ኣብ ክልተ ዝተፈላለየ ፈሲታል እቑጽሮ። ብኸምዚ ኣጋባብ ብምፍልላዩ ከኣ ከይተጸገምኩ እሰርሖ። ዓይነይ ቅድሚ ምዕዋሩ ኣብቲ ዝተወለድኩሉ ቦታ ብላኻ ከም



ፍዮሪ ምስ ቦኽሪ ጓላ ናባይት

ሰፍኢ፡ ሙብልዒ ቁርሽን መኾምብያን እሰፊ ነይረ። ኑቲ ቅድሚ ብርሃን ዓይነይ ምስኣነይ ዝሰርሖ ዝነበርኩ ብዘኽሪ እናዳህሰስኩ ዝተፈላለየ ስርሓት ላኻ'ውን ኣዳሉ እየ።

**** ኣብ መወዳእታ ክትመሓላለፍዮ እትደልዪ መልእኽቲ እንተሎ ሰደል ክህበኪ?***

ብፍላይ ወለዱ፡ ንስንክላን ደቆም ክሓብእዎምን ከግልልዎምን ኣይግባእን። ካብ'ዚ ናተይ ታሪኽ ህይወት ተገዚቦም፡ ንደቆም ናብ ቤት-ትምህርቲ ክሰድዎም ክላቦም እደሊ። ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ኩለ መዳያዊ ደገፍ ንዝገበሩለይ ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን ብልቢ ኣመስግን። ብኣውራኡ፡ ካብ ስድራ-ቤተይ ርሒቐ ኣብ ደባርዋ ክነብር ምስ ጀመርኩ መምህር ተስፋጋብር ኣዝዩ ብዙሕ ሓገዝ ገይሩለይ እዩ። ካብቲ ፈለማ ሽግረይ ንምቅላል ቃል ዝኣተወለይ ዕለት ክሳብ ለሚ ካብ ጎድነይ ኣይተፈለየን። ኣብ ጸንከር እዋን ደቀይ ምስ ዝሓምሙ፡ መድሃኒት ኣብ ግቡእ ግዜኦም ንኽወስዱ ስርሑ ጉዲፉ ብምምጻእ ይከታተሎም። ዘይብተኽ ኣቦታዊ ፍቕሪ ስለ ዝለገሰሎም፡ ከየመስገንክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ብማሕበር ዓይነስወራን ኤርትራ 10 ሽሕ ናቕፋ ደገፍ ተገይሩለይ እዩ። ስለዚ፡ ለሚ ደልዲለ ንኽረግጽ፡ ከይሰለኽ ንዝሓገዙኒ ኩሎም ውዕሉዖም ንምግላጽ ቃላት'ዩ ዝሓጽረኒ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቫን ደር ፖል፡ ንሚላኖ ሳን-ረሞ ተዓዊቱሉ


### ቢንያም፡ መበል 14 ኣትዩ

ሆላንዳዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣልፈሲን - ማቲዩ ቫን ደር ፖል፡ ትማሊ ልዑል ቆላሕታ ንዝተዋህቦ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር 'ሚላኖ-ሳንረሞ' ተዓዊቱሉ።

ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ዝዓበዩ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ዝኾነ ሚላኖ-ሳንረሞ፡ 289 ኪሎሜተር ዝሸፍን ኣዝዩ ከቢድ ውድድር እዩ፣ እቲ ዝነውሐ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር'ውን እዩ።

ወላኳ ዝተፈላለዩ ፍጻመታት እንተኣጋጠሙ፡ ድሕሪ'ታ ጸወታ ክዛዘም 25 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ - ታደይ ፖጋቻር ዝበሮ መጥቃዕቲ ግና፡ ኩሉ ኣቓልቦ ናብዚ ተቐዳዳማይ ኣብሉ። ቫን ደር ፖልን ኢጣልያዊ ፊሊፖ ጋናን ድማ ግብረ-መልሲ ብምሃብ ተጸምበርዎ። ምስ እትሰዕቦም ዝበረት ዓብይ ጉጅለ ፍልልዮም እናማፍሑ ከዱ።

ጋና፡ ትሸዓተ ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ፍጥነት ታደይን ማቲዩን ክጻወር ኣይከኣለን፣ ተረፉ። እዞም ክልተ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ድማ፡ ፊት ንፊት ተፋጠጡ። ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ጥርዚ ቁመና ዝርከብን ንቕድድም ብሽክሌታ ዓለም ዓብሊልዎ ዘሎን - ፖጋቻር፡ ኣብዘን ዝበራ ዓቐብታት ክልተ ግዜ መጥቃዕቲ ፈጺሙ፣ ቫን ደር ፖል ግና፡ ኣይለቐቖን። ዳሞማይ ዝተሃደሰ ጋና'ውን ደጊሙ ተሓወሶም።



ልዕሊ ፖጋቻር ሹኡ ናይ ምግባር ዓቕሚ ዘለዎ ቫን ደር ፖል፡ ንኽልተኦም ረቲዑ ተዓዊቱ። ጋና ድማ ክዕወት ዝለዓለ ግምት ንዝተዋህቦ ፖጋቻር በሊጹ ካልኣይ ኣትዩ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ነዚ 289 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ብ6 ሰዓት፡ 22 ደቒቕን 53 ካልኢትን እዮም ዛዚሞሞ።

ቫን ደር ፖል፡ ንካልኣይ ግዜኡ እዩ ነዚ ውድድር ተዓዊቱሉ - ኣብ 2023 ተዓዊቱ ብምንባሩ። ዓሚ'ውን ሳልሳይ ወጺኡ ዝበረ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ዓለም - ፖጋቻር ግና፡ ዛጊት ክዕወተሉ ኣይከኣለን ዘሎ።

ሓደ ካብቶም ክዕወቱ ግምት ተዋሂቡዎም ዝበሩ ተቐዳደምቲ ዝኾነ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ፡ ምስታ 43 ካልኢት ድሕሪ ዝመጸት ዓባይ ጉጅለ ኣትዩ፣ መበል 14 ደረጃ ድማ ሒዙ። ቢንያም፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ 2022 ዝሓዞ መበል 12 ደረጃ እቲ ዝበለጸ ወጽኢቱ እዩ።

## ጁቬንቱስ፡ ንዚዳን ትሓልም

ብወጽኢት ዓለሚኣ ቲያጎ ሞታ ሕጉስቲ ዘይኮነት ጁቬንቱስ፡ ንናይ ቀደም ዓለሚ ሪያል ማድሪድ - ዚነዲን ዚዳን ትሓልሞ ምህላዋ ተቓሊሑ።

ኣብዚ ወቕቲ ንጁቬ ክዕልማ ዝጀመረ - ሞታ፡ ከቢድ ግዜ ኣብ ምሕላፍ ይርከብ። ካብ ኮፓ ኢጣልያን ሻምፕዮንስ ሊግን ክግለፍ እንከሎ፡ ኣብ ሰሪኣ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘእቱ ደረጃ (ክሳብ ራብዓይ) ንምሓዝ ኣብ ቃልሲ ይርከብ። ጁቬ፡ ካብ ራብዐይቲ ዘላ ቦሎኛ (ሞታ ዝሓለፈ ዓመት ዝዕልማ ዝበረ) ብሓንቲ ነጥቢ ድሕሪ ብ52 ነጥቢ ሓሙሻይቲ ትርከብ።

ብወጽኢት ክለቦም ሕጉሳት ዘየለዉ ወሃብቲ ድማ፡ ደርሮ ኣሰልጠንቲ የቓምቱ ኣለዉ - ብመሰረት ጋዜጣታት ኢጣልያ። ድሕሪ'ዚ ዝሰዓብ ዘሎ ኣህጉራዊ ግጥምያት ኣንጻር ጀኖኣ ኣብ ዘካይድዎ ጸወታ ድማ፡ መጻኢኡ እትውስን ክትክውን ትጸበት ይግበር።

በዚ ድማ ጁቬ፡ ዓይና ኣብ ልዕሊ ፈረንሳዊ ዚነዲን ዚዳን ኣንቢራቶ ኣላ። እቶም ቀንዲ ንቦታ ሞታ ክሕዝዎ ይኽእሉ እዮም ዝበሃሉ ዘለዉ ግና፡ ናይ ቀደም ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ - ሮበርቶ ማንቺኒን ተኸላኻሊኣ ዝበረ ኢጎር ቱዶርን እዮም።

ኣብ ግንቦት 2021 ካብ ማድሪድ ድሕሪ ምውጽኡ ዛጊት ናብ ስራሕ ምስልጣን ዘይተመልሰ - ዚዳን፡ ንቦታ ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ - ዲዲየር ደይሻምፕ ክትክእ ከምዝኽእል'ውን ይግለጽ እዩ። ዲይሻምፕ፡ ነዛ ጋንታ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 2026 ክገድፋ ምዃኑ ኣቐዲሙ እዩ ሓቢሩ።

## ያማል፡ ብኢድ መሲ ዝተቐብአ ተጻዋታይ

ኣብ 2007 እዩ፣ ኣብቲ እዋን መንእሰይ ተጻዋታይ ዝበረ - ሊዮኔል መሲ፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ስታድዩም ክለቡ ባርሴሎና 'ካምፕ ኖ'፡ ኣብ ተግባራት ግብረ-ሰናይ ንዝወዕል ሰእሊ፡ ህጻን ብምሕቋፍ ተሳኢሉ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን ወዲ 20 ዓመት ዝበረ - መሲ፡ በቲ ዘርእዮ ዝበረ ድንቂ ብቕዓት፡ ስሙ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ክቃላሕ ጀሚሩ፡



ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ ከምዝኸውን ኣብ ምርኣይ ድማ ነይሩ። ደሮ'ውን ክልተ ናይ ላ'ሊጋን ሓንቲ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግን ዋናጩ'ውን ዓቲሩ ነይሩ።

መሲ፡ ኣብዚ ተሪታዊ ዓውዲ ኩዕሶ እግሪ፡ ዘይጨበጦ ክብሪ የለን፣ ኩዕሶ እግሪ ካብ ዝረኣየም ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ሳዕ ዝበለጹ ተጻወትቲ ምዃኑ'ውን ኣመስኪሩ እዩ። ኣብዚ እዋን ወዲ 37 ዓመት ኮይኑ ብኣጠማምታ ኩዕሶ እግሪ ሸምጊሉ ዘሎ እዚ ኣርጀንቲናዊ፡ ኣብ ክረምቲ 2023፡ ካብቲ ስሙ ዘዘመረሉ ሊግ ኤውሮጳ ምውጽኡ ይዝከር። ናብቲ ናይ 'ሸማግለታት ወይ ናይ ጥሮተኛታት ሊግ' ዝበሃል ሊግ ኣመሪካ ብምቕናዕ ድማ፡ ምስ ኢንተር ሚያሚ ተጸምቢሩ ኣብ ምጽዋት ይርከብ።

ቅድሚ 18 ዓመታት፡ ንናይ ግብረ-ሰናይ ተግባር ኣብ ዝተዳለወ መደብ፡ ከም ተራ ህጻን ኣብሱ ዝሓጸቦ ህጻን ድማ፡ ኣሰሩ ብምስዓብ ኣብዚ እዋን ዓለም የዕርብ ኣሎ። ኣብቲ እዋን ወዲ ሸዱሽተ ወርሒ ጥራይ ዝበረን ንእርሓት ግብረ-ሰናይ ብኢድ መሲ እናተሓጸበ ፍሸኽ ዝበለ ዝበረን ህጻን፡ ሎሚ መሲ እኳ ኣብ ናይ ከትትና ግዜኡ ዘይገበሮ ብርቂ ዕዮ እናሰርሐ ታሪኽ ይፍጽም ኣሎ። ደሮ ምስ ክለቡን ሃገሩን ከም ኡ'ውን ብውልቁ ብርክት ዝበሉ ክብረታት ተገናጺፉ ኣሎ - እስፓኛዊ መንእሰይ ተጻዋታይ ክሉብ ባርሴሎና - ላሚን ያማል።

ያማል፡ ኣብ 2023 - 16 ዓመት ከይመልአ ንቀዳማይ ክሉብ ባርሴሎና ብምጽዋት 'ኣብ ታሪኽ እታ ክሉብ እቲ ዝንኣሰ ዝወከለ' ክኸውን ክኢሉ። 'እቲ ዝንኣሰ ተጻዋታይ' ዝብልን ካልእን ክብረወሰናት እታ ክሉብ ድማ ብስሙ ተኪእዎ። ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ንእስፓኛ ብምውካሉን ኣብቲ ውድድር ሹቶ ብምቕጻሩን እውን ተመሳሳሊ 'ዝንኣሰ' ዝብል ክብሪ ረኺቡ። ሃገሩ ጸዋእ ከተልዕል ድማ፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ።

ብሓፈሻ፡ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ 18 ዓመት ዝመልእ - ያማል፡ እቶም ክልተ ብርቂ ተጻወትቲ 21 ዘመን - ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን ኣብዚ ዘለዎ ዕድመ ዘይሰርሕዎ ቅያ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። በዚ ሒዝዎ ዘሎ ቁመና ክቕጽል እንተኺኢሉ ድማ፡ ብርክት ዝበለ ንሶም ዘይሰርሕዎ ታሪኽ ክሰርሕ'ውን ይኽእል እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ያማል፡ ኣብቲ መን ይሓጽቦ ነይሩ ዘይፈልጦ ዝበረ እዋን፡ ሚላን ብቕዓትን ኩዕሶ እግሪ ካብቲ ኮኾብ ተጻዋታይ ሓሊፉዎ ብምባል ገለ ተዓዘብቲ ይዋዘዩ።

## ልዊስ-ስከሊ፡ ታሪኽ ሰሪሑ

ወዲ 18 ዓመት ተኸላኻሊ - ምደለስ ልዊስከሊ፡ "እቲ ዝንኣሰ ተጻዋታይ ኣብ ቀዳማይ ጸወታኡ ብማልያ ዓብዪ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሹቶ ዘመዝገበ" ዝብል ብኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ማርከስ ራሽፎርድ ኣብ 2016 ተታሒዙ ዝበረ ክብረወሰን እዩ ሰይሩዎ።

ጀርመናዊ ኣሰልጣኒ - ቶማስ ቱቸል'ውን ነዛ ሃገራዊት ጋንታ መሪሑ ኣብ ዘየደ ቀዳማይ ጸወታኡ እዩ ተዓዊቱ ዘሎ።



እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ክብረ-ወሰኑ ብስከሊ ዝተሰበሮ - ራሽፎርድ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ንሃገሩ ክሰለፈ በቒዑ። እዚ ኣጥቃዓይ፡ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ መጋቢት 2024 ኣብ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣንጻር ብራዚል ምስ ተሰለፈ እዩ። ካብታ ሕሞቕ ብቕዓት ዘንጸባርቐላ ዝበረ ክሉብ ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ኣስቶን ቪላ ምስ ተጸምበረ ግና፡ ዳሞማይ ናብ ሃገራዊት ጋንታኡ ዝመልሶ ቁመና ከሃንጽ ክኢሉ።

ክብረ-ወሰን ሐዙ - ዓርቢ ምሸት ኣብ ልዕሊ ኣልባንያ ሹቶ ብምቑጻሩ።

እንግሊዝ ኣብቲ ምሸት ንኣልባንያ ዓዲማ ናይ ዋንጫ ዓለም 2026 መጻረዪ ጸወታ እያ ኣሰላሲላ። ቅድሚኒ ድሕሪን ዕረፍቲ ካብ ስከሊን ኬይንን ብዝረኸብኦን ሹቶታት 2-0 ተዓዊታ። ስከሊ ድማ

## ተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ ስለምንታይ እዮም ካልሶም . . . ?

ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ካብዚ ቀረባ ዓመታት ጀሚሮም ንዳሕረዋይ ክፋል ካልሶም (ካልሳቶም) ብምንኳል ወይ ብምቕዳድ ክጻወቱ ተዓዚብናዮም ኣለና።

እዚ ብዙሕ ልሙድ ዘይነበረ ተርእዮ፡ ተጻወትቲ ብዕላማ ዲዮም ዝቐድዎ ዘለዉ፡ ወይስ ኣብ ፋብሪካ እዩ ብሸምኡ ዝሰራሕ ዘሎ፣ ደስ ኣብ ሜዳ ምስ ኣተዉ እዩ ዝቐደድ ዘሎ? ዝብል ሕቶታት ኣልዒሉ እዩ። እቲ ምኽንያት ግና፡ ተጻወትቲ - ካብ መጉዳእቲ ንምድሓንን ጸቕጢ ንምፍኳስን እዮም ብዕላማ ዝቐድዎ ዘለዉ።

ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዝለብስዎ ካልሲ፡ ጸቢብ ኮይኑ ቀጥ ኣቢሉ ዝሕዝ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ጭዋዳኦም ከቢድ ጸቕጢ ከምዝበጽሕ መጽናዕቲ ይሕብር። ብፍላይ ኣብ እዋን ምጉያይን እግሪ ኣብ ምዝርጋሕን እቲ ጸቕጢ ዝያዳ ይብርትዕ፡ እዚ ኣብ እግሪ ንዝሎ ስርዓት ዑደት ደም ክጸሉ ዝኽእል ጸቕጢ፡ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ኣብ ደናጉ ንዝርከቡ ጭዋዳታት ክጸየም ይኽእል እዩ። ገለ ተጻወትቲ ድማ ካብዚ ጸገም ንምድሓን እዮም ካልሶም ዝቐዱ ዘለዉ።

ብሉጽ ኣካፋሊ ሪያል ማድሪድ ጁድ በሊንግሃም፡ ሓደ ካብቶም ብቐጻሊ ቀዳድ ካልሲ ዝወድዩ ተጻወትቲ እዩ። ብራዚላዊ ነይማር፡ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል በቶየ ሳካ፡ ተኸላኻሊ ማን ሲቲ ካይል ዎከር'ውን ብተመሳሳሊ።

ዎከር፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ "እቲ ካልሲ ጠረውኡ ኣብሉ ስለዝሕዝ፡ ኣብ ዳንጋይ ጸቕጢ ይፈጥረለይ ነይሩ። ቀዳዲት ምስ ገበርኩሉ ግና፡ ገለ ጸወታታት ብዘይ ጸገም ኣካይደ፣ ፈቲየዮ እውን።" ኢሉ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ብልቓሕ ምስ ኤሲ ሚላን ዝጻወት ዘሎ ዎከር፡ ዛጊት ኣብዚ ጋንታ ግና፡ ነኳላት ዘለዎ ካልሲ ወደዩ ክጻወት ኣይተራእየን ዘሎ።

ብመንጽሩ፡ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ጃክ ግሪሊሽ፡ ካልሱ ትሕቲ ዳንጋኡ ብምውራድ ዝፍለጥ ተጻዋታይ እዩ። ዋላኳ ምስ ማሪታዊ እምነት ምትእስሳር ክህልዎ ዝኽእል እንተኾነ፡ እዚ ኣለባብሳ ግና፡ ንደናጉ ካብ ጸቕጢ ዘድሕን ምዃኑ ይግለጽ። እዚ ኾኑ ነቶም ካልሶም ዝቐዱ ዘለዉ ተጻወትቲ ካልእ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።



በዚ ኮይኑ በቲ፡ ዋላኳ ገለ ወገናት እዚ ተርእዮ ቅድሚ ሕጂ ዝበረን ሓዲሽ ቅዲ ዘይምዃኑን ይዛረቡ እንተኾኑ፡ ዝያዳ ቆላሕታ ግና፡ ኣብዚ ዝሓለፉ ዓመታት ዝረኸበ ይመስል። ተዓዘብቲ ብወገኖም፡ 'ስለምንታይ እዮም ካልሶም ዝቐድዎ ዘለዉ?' ብምባል ኣብ እዋን ጸወታ ክሓቱ ይሰምዑ እዮም። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ከምዚ ዝተገልጸ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካልሲ ካብቶም ቀንዲ ዕጥቂታት ተጻወትቲ ተባሂሉ ኣብ ዝርዝር ዝሰፈረ እዩ፣ ቀዳድ ካልሲ ወዲኻ ካብ ምጽዋት ዝኽልክል ሕጊ ኩዕሶ እግሪ ግን ዛጊት የለን።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'**

ቀይሕ ባሕሪ - ፓራዳዞ 12:00 ድ.ቀ

ደንደን - ሓዩሊ ኣየር 2:00 ድ.ቀ

ኣልታሕረር - ኣስመራ በራ 4:00 ድ.ቀ

**ኔሽንስ ሊግ ርብዒ ፍጻመ ካልኣይ እግሪ**

ጀርመን - ኢጣልያ 10:45 ድ.ቀ

ፖርቱጋል - ደንማርክ 10:45 ድ.ቀ

እስጳኛ - ሆላንድ 10:45 ድ.ቀ

ፈረንሳ - ክሮኤሽያ 10:45 ድ.ቀ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጳውሎስ | 23/03/25 | ጎደና ፑሽኪን-751ጥቓ ፋብሪካ ፊና ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣቦይቶ | | መጨረሽታ ፊርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቦይቶ | 07114040 |
| ፋርማሲ ዳሎል | | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሳልሳዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565